እያሱ ናትና፡ ኣንበሳ በረኻ፣
<u>ፍፁም ኣይቀበፅኩን፡ ዜና ዕረፍትኻ!!</u>

ብብስራት ከበደ (ኣሜሪካ)

~~~~~~~~~~

ሰጋእ-መጋእ ኢሉ፡ ናይ ፀላኢ ወረ ደ'ኾን ይኾን ኢለ፣

ሕልሚ እባ ይኸውን፡ ቆንጠጥክዎ ስጋይ፡ ኢደይ ስድድ ኣቢለ፣

ልበይ ምስ ኣእምሮይ፡ ምክታዕ ጀመሩ፡ ሓቁ ንኸውፅኡ፣

ሰብ ኮይኑ ዝፍጠር፡ ሞት ኣይተርፎን፡ ምስ በፅሐ ተርኡ፣

እያሱ እውን ሰብ'ዩ፡ ፍጡር ከም ሃገሩ፣

ብሞት እንተተፈልየ፡ ኣይገርምን ነይሩ፣

ኮይኑ ግን ዘሕዝን፡ ከግርም ዝኽኣለ፣

እያሱ ዓርሞሸሽ፡ ኣየይ እንተይበለ፣

ብየማነ-ፀጋም፡ ዕማም እናኸተለ፣

ህዝባዊ ስራሕቲ፡ ቀትሪ ይኹን ለይቲ፡ ደኺመ እንተይበለ፤

ዜማታት ምስ ግጥሚ፡ ብዙሕ እናፈልፈለ፣

ንግዲ ኢንቨስትመንት፡ ዕብየት እናኺሓለ፣

በቲ መቓልሕ ድምፁ፡ ምስ ወናም ልሳኑ፡ ንገስግስ እናበለ፣

በብኸባቢኡ፡ ባዛር እናካየደ፡ ንልምዓት ንዕብየት፡ ገንዘብ እናዋህለለ፣

ኣነ ገረመኒ ዕዮ ሃገር ሃዲጉ፡ ካብ ዓይንና ዝገለለ!!

~~~~~~~~~~

ብሓሳብ ነጎድኩ፡ ክኾልል እምባታት፣

ብመንፈስ ዘመትኩ፡ ክፍትሽ ኣኽራናት፣

ወዲ ህዝቢ ጠፊኡኒ፡ ክደሊ ኣብ ሩባታት፣

ዝመስል ዝነበር፡ ንኣማኢት ዓመታት፣

ምሉቕ ኢሉ ኸደ፡ ከይተሰናበተ፣

ኬድካ ዝይብፃሕ፡ ሰማይ ዝተኸፈተ፣

ደኺመ ተመልሰኩ፡ ተስፋ ምስ ሰኣንኩ፣

እያሱ ምሕላፉ፡ ብልቢ ሓዘንኩ፣

ጠይቖላተይ እማ፡ እያሱ ተጋዳሊ፣

እንታይ ኮን ይኸውን፡ ክፍፀመሉ ዝደሊ፣

ኣለና ብድሕረኻ፡ ኣሰርካ ክንክተል፣

ዝተለምካዩ ዕዮ፡ ብሓባር ክንፈትል፣

ዝጀመካዮ ባዛር፡ ብሓባር ክንዛዝም፣

ዝገጠምካዮ ግጥሚ፡ ብኽብሪ ክነዚም፣

ዘዜምካዮ ዜማ፡ ክነቃልሕ ብሓይሊ፣

ዝሓሰብካዮ ንግዲ፡ ክንውግን ብዕሊ፣

ንሕና ኣለና ብድሕሬኻ፡ ኣይቋርፅን፡ ራእይካ፣

ደሓን ኩን እያሱና፡ መንግስተ-ሰማይ የዋርስካ!!

---

Dalul1@yahoo.com